*Remembering unique Eritreans in contemporary history*

# A
# short biography
# Of
# Blata Tesfazion Deres



*Source: Tigrinja book ማሰን መልቀስን ቀዳሞት*

*By*

*Solomon Tsehaye*

*2012*

Asmara, Eritrea 2012

*ጀጋኑና ንዘክሮም*

ሓጺር

ታሪኽ ሂወት

# ብላታ ተስፋጽዮን ደረስ



ካብ መጽሓፍ ናይ ሰሎሙን ጽሃየ

ማሰን መልቀስን ቀዳሞት

2012

ኣስመራ ፣ ኤርትራ

2012

# ዝርዝር ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| ዉልቃዊ ሓበሬታ | 375 |
| ልጅ ባህታ | 376-377 |
| ሽሕ ይሙቱ መሕደር ሽሕ ኣይሙት | 378 |
| ዓለም ጻዕሪ | 379-380 |
| | |
| | |
| | |
| | |

# ብላታ ተስፋጽዮን ደረስ

ብላታ ተስፋጽዮን ደረስ በዓል ሃዘጋ እዮም። ብ1914 ተወሊዶም ብ1984 ኣብ 70 ዓመቶም ሞይቶም። መልቀስን ካልእ ዙተኸበ ግጥምታትን ኣብ ጋዜጣ ይጽሕፉ ኔሮም። ነጋሽ ሳግላ ምስ ብላታ ተስፋጽዮን ዝተፋለጡ፡ ብላቴን ጌታ ሎሬንሶ ታእዛዝ ምስ ሞቱ ብላታ ተስፋጽዮን

ኣብ ጋዜጣ ብዘውጽኡሎም መልቀስ'ዩ። ኣቶ ነጋሽ በቲ መልቀስ ብዙሕ ከም ዝተመሰጡ ብምግላጽ፡ ብላታ ተስፋጽዮን፡ ገጣሚ ጥራይ ዘይኮኑ ብዛዕባ ባህሊ ብሓፈሻ እውን ጥልቕ ዝበለ ፍልጠትን ተገዳስነትን ዝነበሮም ዘመናዊ ትምህርቲ ዝቐሰሙ ትኩር ሰብ ከም ዝነበሩ የዕልሉ።

ልጅ ባህታ ዝብሃሉ ወድ'ቶም ምስሌነ መራጉዝ ዝነበሩ ደግያት በራኺ ተኸለጽዮን (ዓዲ ኸፈለት) ተመርዕዮም ነዊሕ ከይጸንሑ ብንእሽቶኦም ብምማቶም ዝሓዘኑ ፈታዊኦም ብላታ ተስፋጽዮን ከምዚ ኸብሉ ብጋዜጣ ኣልቀሱሎም።

## ልጅ ባህታ

ብኣፍኪ ተደፍኢ ዓለም ዒታ
ንኹሉ ተርከብሉ በብተርታ
ድሮ'ኳ ገስጊስኪ ናብ ልጅ ባህታ
ሓዘን ኣእተ'ኸሎም ንዓዲ ብላታ፣
ብሓቂዶ ሞይትካ ተቐቢርካ ባህታ
ዞራ ዘይትፈልጥ ብጀካ ጸወታ
ጉብዝናኻዶ ኾነ ንወረ ንዛንታ
መርዓኻዶ ኾነ ንወረ ንዛንታ
ለውሃትካዶ ኾነ ንወረ ንዛንታ
ደሓንካዶ ትቀዳደም ናብ ባይታ
ወለድ'ኻ ክብሉ ይምጽኣና ባህታ
ጥልም ኣበልካዮም እኳዶ ስንብታ።

ዓለም ኢሎም'ኺ ዓለም በትኪ
ከም ነፋሒቶ መሐደሲት ኢኺ
ኣንቲ ሓንሳእ ሓጐስ ሓንሳእ ትኪ
ኣብ ባሕሪ ከብዶም ቍሪ ኣእቲኺ
ቀሪጽኪዮም ንኣዝማች በራኺ።

ዓለም ኢሎም'ኺ ዓለም ስደት
ምሳኺዶ ኣልዩና ንብረት
ኣንቲ ንግሆ ጓህሪ ምሸት ሕመት
ዓይኒ ዘይብሉ ናትኪ ጥልመት፡
በይና ኣትሪፍኪ መርዓቱ ኣብነት
መዓንጣአን ቀሪጽኪ ነዲኡ ኣስገደት
መጻእኩ ከይበልኪ ኣቲኺ ብድንገት
ኣይ ዓመት ኣይ ክልተ ዓመት
ከምኡ ጌርካዶ መርዓዊ ይዝመት።

ናይ ልጅ ባህታ ሞት ክንደይከ የንብዕ
መርዓቱ ኸመልስ ቤቱ ኽቀናንዕ
ዘድልዮ ነገር ኪለው ክሰናድእ
ኣብ መንገ ተበትከ ዘይሰወተ ጭልቅዕ።
(...)
ባህታ ዓርከይ ሎሚ ተጋጊኻ
ዝናር ከይትዓጥቕ ናየ'ቦኻ
ሰጋር ከይትሰርር ናየ'ቦኻ
ተስፋይ ሓውካ ገዲፍካ ድሕሬኻ
ከምኡ ጌርካዶ ይውፈር በረኻ።

ዓለም ኢሎምኺ ዓለም ግናይ
ኣብ ዝወዓልክዮ ዘይትሓድሪ ጣልማይ
ንባህታ ኢልክዮ ኪደናይ ንዓናይ
ንሒለሉ ዘይብሉ ኻልኣይ
ቀርኑ ሰላዕክዮ ንልጅ ተስፋይ።

ኣጆኻ ኣጆኻ ዓርከይ ተስፋይ
መንከ'ሎ ኣብ ዓለም ተራፋይ
ኩሉ እዩ ከም ቈጽሊ ረጋፋይ
ጸሎት ግዳ ግበረሉ ምሳይ
ኣምላኽ ክኸፍተሉ ደገ ሰማይ።

❁

ብጊዜ ጣልያን ንኢትዮጵያ ሰጊሮም ኣብ ፈረንሳ ክብ ዝበለ ትምህርቲ ሕጊ ድሕሪ ምውሳድ፣ ኢትዮጵያ ብጣልያን ኣብ ዝተወረረትሉ እዋን ይኹን ድሕሪኡ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ክሳብ ብመዝነት ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዘገልገሉ ኤርትራዊ መበቈል ዝነበሮም ብላቴን ጌታ ሎሬንሶ ታእዛዝ (መብራህቱ ታእዛዝ) ብሰነ 1947 ኣብ መበል 47 ዓመቶም ምስ ሞቱ ብላታ ተስፋጽዮን ኣብ "ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ" ካብ ዘውጽኡሎም ነዊሕ መልቀስ ገለ ኽፋሉ ከምዚ ይብል።

**ሽሕ ይሙቱ መሕደር ሽሕ ኣይሙት**

ዓቢ እምባ'ንዲኻ መድፍዕ ዘየፍርሶ
ዓቢ ጎዳም ማንም ዘይገሶ
ብርቱዕ ገረብ ታንኪ ዘይትዋሕሶ
ናይ ኤርትራ ምሉእ ዝነበርካ ርሾ
ናይ ትግራይ ድፍን ዝነበርካ ርሾ
ናይ ኢትዮጵያ ድፍን ዝነበርካ ርሾ
ብርቱዕ ልቢ ማንም ዘይፍርከሾ
ኣይትውዕሎን ግዲ ትምልሶ
ጉይታኒ መዓረይ ብላታ ሎሬንሶ
ንዕቡይ ብፍትሒ ትምልዕሶ
ንፈታዊ ሃንዛ ተኹልሶ
ዓራትካዶ ኾነት ኣደዳ ወራሶ
ኣንታ ብርቱዕ ባሕሪ ኣዳም ዘይሕምብሶ
ካብ ሎሚ ያኢ መልክዕካ ክበላሾ
ቊሪ መለስካልና ገብኢ ዓሶ
ተካል ህዝቢ እዝጊ'ተበኣሶ
ብድሕሬኻስ እንታይከን'ዩ ዝዓብሶ
ዓለም ኢሎሙዋ ዓለም ዋሾ።
(...)
ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ ተጸጊዑ
ወዲ ታእዛዝ ዝኸይድ ኲሪዑ
ኣካ ሎሚ ቀርንና ተሰሊዑ
ኢትዮጵያውያን ብኽዩ'ሞ ንብዑ
ሎሬንሶ ሞይቱ ኢልኩም ኣይተወዓውዑ
እዞም እንሓረሽ ነብሪ ክይሰምዑ
ኣሰይ ኢሎም ልቦም ከይወቕዑ
ወደ'ቦ ጠፍአ ኢሎም ክይድንፍዑ
ንበይነን ተረፉ ኢሎም ክይኹርዑ

ነዚ ቑም ነገሩ ዘይውዳእ ተለኪዑ
ካብቲ ዓጽሙ ኸተቡሎም ንቑላዑ
ታሪኽ ናይ ጀጋኑ ክይርስዑ።
(...)
ኣብ እምባ ያኢ ክንጽጋዕ ከነሳፍሕ ኣብ ሜዳ
ትጠንሳልና ዝበልናክን ሃሪፍና ክትወልዳ
ዕድልና ጌሩዎ ማርያምዶ ፈሪዳ
ኣንትን ጓል እምሩ ካብ ኩሉ ዝያዳ
ኣንትን ጓል ሳህለስላሴ ካብ ኩሉ ዝያዳ
ጓል መኰንን ትኸይድ ኣንጓዕዲዳ
ሰራዊትኩም እትሓድር ተጻዊዳ
ዘውድኹም እትነብር ተዓሪዳ
ሰብ እልፊ ነጋሪት ሰብ እልፊ ቓንዳ
ሰብ እልፊ ምንጻፍ ሰብ እልፊ ስያዳ
ፈዳይ ሕነ ዝነበረክን ተቐባል መንጕዳ
በታኽ ጅማት ዝነብረ ሰባር በረኸዳ
ሰብኣይ ጠፍኣክን ወዳጀ ኾርዲዳ
እዛ ምድርስ'ኳ ዓቕላ ኣጽቢብናላ ተገዲዳ
ሰማይ በኸያትሎም ኣንጉድጒዳ
ኣሚነይ ኢልክን'ሞ ሓንሻቢ ተይ ዕበዳ
ቈብዕ ኣስፈኽን ንገዳምክን ኪዳ
ኣንበሳ ዝደየባ ዝብኢ እንተ መኸዳ
ክልተ ሞት'ዩ ክልተ ዕዳ።

ብላታ ተስፋጽዮን፣ ኣብ "ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ" ኣብ ዘውጽኡዋ ብዛዕባ ሂወት ወዲ ሰብ እተስተንትን ግጥሚ ከምዚ ይብሉ።

**ዓለም ጻዕሪ**

ወይ ዓለም ድራም
ክንደይ ጉድ'ሞ'ሎኪ ክንደይ ሕማም
ሓንሳእ ትሕለቢ ከም ላም
ሓንሳእ ት'ቕሒ ከም ዒላም

ዘየጕህየኪ ድማ ብተሎ ንምጥላም
ኣንቲ ካብ ምሳኽስ ምዕዛር ንገዳም።

ወይ'ዛ ኣዳም ኢሎማ'ቲ ጕድኣታ
ነዚ ጽባሕ ትስኣዕ ኣብ መሬታ
ክትመናፈጼት ትውዕል ብሒመታ
ኣፍሪሳ ክትወስድ ትብል ዘይደረታ
ኣርከበሉ እናበለት ትበኩር ካብ ጸሎታ
ኣብ ኩሉ ከይበጽሖት የርክባ'ቲ ጌታ
ሰማንያ'ኳ ዘይኣኽላ ዕለታ
ክንደይ ሓጥያት ሰኒቓ ትኸይድ ክንደይ እንታ፣
ሎምስ ኣረ ደሓን ኣብ ሰደታ
ከመይ ኮን ክትገብርያ ኣበዮ ንብረታ
እስከ ንፍራህ ገሃነም ሕልፈታ።
(...)
ብአፍኪ ተደፍኢ ዓለም ጻዕሪ
እንተ መኽርካያ እትኹሪ
ስኒት ጌራ ጽቡቕ ከይተፍሪ
ተደጕላ ትተርፍ ከም ጓህሪ
እሞ ኸኣ ከፊቱላ ኸሎ በሪ
ኣየ ዓለም ጻዕሪ ዓለም ጻዕሪ
ቀጢንካዶ ይትረፍ ከም ሳዕሪ!

## *A wakeup call*

Many countries in the world honor their heroes and commemorate them eternally by erecting statues, naming streets, parks, schools, universities and all sorts of institutions in their names. Eritrea has failed to remember its heroes in all spheres of life and fields including statesmanship, military, scholarships, arts, literature, religion, music and sports. It would be too long to list all the great Eritrean personalities from antiquity to the present. Even the heroes of the last 50 years who have not been recognized and honored are very many.

I believe many will agree with me that Eritrea has many amazing individuals in history who have done something unique to their country in the field of politics, culture, education, sport etc, which we need to remember them for what they have done. It is disheartening though not to see biography books of Eritreans in the library shelves. Lately I have decided to open a section in my website that will be dedicated to the biography of individual Eritreans from all walks of life in history (*www.emnetu.com).*

To start with I have randomly established a list of possible candidates. I therefore ask you all to put additional names to the list and return it to me. The list has to accommodate only individuals who have passed away. In other words we will concentrate only on post mortem biographies. I will update the list when I hear from you. The list will remain open all the time for additional names.

If you are positive about this idea and you have the time I would challenge you all to write biographical sketch or find individuals who can be interested to write a biography on any in the list. If you come across anyone who has access to information but not ready to write, you can ask him/her to supply the information to me in any format (paper, diskette, gramophone dish, cassette, videos, photographs etc) so that I can send it to the one who is interested to write.

The size of the file is not important at all. What is important is remembering them and trying to document their history before it disappears all together. The size will be determined only by the amount of information available on these individuals. Of course the individuals in the list must have done something positive to the cause of our country or to the well being of our people and our culture.

Emnetu Tesfay